## ዳዊት 39

4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ከመይ ዝበልኩ ሓላፊ ምዃነይ ምእንቲ ኽፈልጥ፣ መወዳእታይን ልክዕ
መዓልትታተይን ክንደይ ምዃኑ ኣዘክረኒ።
5 እንሆ፣ ንመዓልትታተይ ከም ምናሕ ስድሪ ገበርካየን፣ ዕድመይ ኣብ ቅድሜኻስ ከም ምናምን እዩ፣
ብሓቂ ኹሉ ሰብ ጸኒዑ እንተ ቘመ እኳ፣ ከንቱ ጥራይ እዩ።
6 ብሓቂ ሰብ ከም ጽላሎት ይመላለስ፣ እወ ንኸንቱ እዩ ዚህወኽ፣ ይድልብ፣ ንመን ምዃኑውን
ኣይፈልጥን።
7 ሕጂኸ እንታይ እጽበ ኣሎኹ፣ ጎይታየ፣ ተስፋይ ብኣኻ እዩ።
8 ካብ ኩሉ ኣበሳይ ኣናግፈኒ፣ መላገጽ ዓያሱ አይትግበረኒ።
9 ንስኻ ኢኻ እዚ ዝገበርካ እሞ፣ ስቕ እብል፣ ኣፈይ ኣይከፍትን።
10 ብመውቃዕቲ ኢድካ እጠፍእ ኣሎኹ፣ ንመዓትካ ኻባይ ኣርሕቆ።
11 ብበደሉ እናገሰጽካ ንሰብ እንተ ቐጻዕካዮ፣ ንኽብረቱ ኸም ብልዒ ጌርካ ተጥፍኦ፣ ብሓቂ ኹሉ ሰብ
ከንቱ እዩ።
12 ኣብ ቅድሜኻ ጋሻ፣ ከም ኵሎም ኣቦታተይ ስደተኛ እየ እሞ፣ ዎ ጐይታይ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ እዝንኻ
ናብ ኣውያተይ ምለስ፣ ብንብዓተይ ስቕ ኣይትበል።
13 ካብዚ ኸይከድኩ፣ ህልውናይ ከይጠፍኤ ኽቕስንሲ፣ ሕደገኒ።

## 2ይ ጢሞቴዎስ 2

8 ነቲ ኸም ወንጌለይ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝኾነ ካብ ምዉታትውን ዝተንስኤ የሱስ ክርስቶስ ዘክሮ።
9 ብዛዕባኡ ኸም ገባር ክፉእ ተቘጺረ ኽሳዕ መቑሕ ሓሰረ መከራ እጸግብ አሎኹ፡ ግናኸ እቲ ቓል
ኣምላኽሲ ኣይእሰርን እዩ።
10 ስለዚ ምእንቲ እቶም ሕሩያት፡ ንሳቶም ድማ እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ምድሓን ምስ ናይ
ዘለኣለም ክብሪ ምእንቲ ኺረኽቡ፡ ንኹሉ እዕገስ አሎኹ።
11 እሙን ቃል እዩ፡ ምስኡ እንተ ሞትናስ፡ ምስኡ ኸኣ ብህይወት ክንነብር ኢና።
12 እንተ ተዓገስና፡ ምስኡ ኸኣ ክንነግስ ኢና። እንተ ኸሐድናዮ፡ ንሱውን ኪኽሕደና እዩ።
13 ንሕና እንተ ጠለምናዮ፡ ንሱ ንርእሱ ኪኽሕድ ኣይከአሎን እዩ እሞ፡ እሙን ኰይኑ እዩ ዚነብር።

## ው. ዮሐንስ 5

1 ድሕርዚ ድማ በዓል ኣይሁድ ኰነ። የሱስውን ናብ የሩሳሌም ደየበ።
2 ኣብ የሩሳሌም ኣብ ጥቓ ደገ ኣባጊዕ ከኣ፡ ብእብራይስጢ ቤት-ሄስዳ ዚብሃል፡ ሓሙሽተ ገበላ
እተገብሮ ቐላይ ነበረ።
3 ኣብኡ ምንቅስቓስ እቲ ማይ ዚጽበዩ ብዙሓት ሕሙማት፡ ዕውራትን ሓንካሳትን ድኑሳትን ይድቅሱ
ነበሩ።
4 እናሓንሳእ ሓደ መልኣኽ ናብታ ቐላይ ወሪዱ ነቲ ማይ የንቀሳቕሶ ነበረ እሞ፡ እቲ ቕድም ወሪዱ
ኣብቲ እንተንሳቐሰ ማይ ዝኣተወ፡ ካብ ዘለዎ ሕማም ዘበለ ይሓዊ ነበረ።
5 ሰላሳን ሸሞንተን ዓመት ዝሐመመ ሰብኣይ ከኣ ኣብኣ ነበረ።
6 የሱስ ድማ ነዚ ደቂሱ ምስ ረኣዮ፡ ነዊሕ ዘመን ምሕማሙ ፈሊጡ፥ ክትሐዊዶ ትደሊ ኢኻ፡ በሎ።
7 እቲ ሕሙም ከኣ፥ ጐይታይ፡ እቲ ማይ ምስ ተንቀሳቐሰ፡ ናብቲ ቐላይ ዜውርደኒ ሰብ የብለይን። ኣነ
ኽሳዕ ዝመጽእ ድማ ካልእ ቀዲሙኒ ይወርድ፡ ኢሉ መለሰሉ።

8 የሱስ ከኣ፥ ተንስእ፡ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ፡ በሎ።
9 እቲ ሰብኣይ ብኡብኡ ሐወየ፡ ዓራቱ ኣልዒሉውን ከደ። እታ መዓልቲ እቲኣ ሰንበት ነበረት።
10 ስለዚ ኣይሁድ ነቲ ዝሐወየ ሰብኣይ፥ ሎሚ ሰንበት እያ እሞ፡ ዓራትካ ኽትጸውር ኣይተፈቕደልካን፡
በልዎ።
11 ንሱ ግና፥ እቲ ዘሕወየኒ እዩ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ ዝበለኒ፡ ኢሉ መለሰሎም።
12 ንሳቶም፥ እቲ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ ዝበለካ ሰብኣይከ እንታዋይ እዩ፧ ኢሎም ሐተትዎ።
13 እቲ ዝሐወየ ግና፡ ኣብቲ ቦታ እቲ ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዝነበረ እሞ የሱስ ድሕር ኢሉ ስለ ዝነበረ፡ ንሱ
መን ምዃኑ ኣይፈለጠን።
14 ድሕርዚ የሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ረኸቦ እሞ፥ እንሆ ሐዊኻ፡ ካብዚ ዚገድድ ከይረኽበካስ፡ መሊስካ
ኣይትበድል፡ በሎ።
15 እቲ ሰብኣይ ከይዱ፡ ንኣይሁድ እቲ ዘሕወዮስ የሱስ ምዃኑ ነገሮም።